# “ማሕበረ ሰባዊ ለውጢ” ፪ ኣይ

ኣቐዲመ ከም መዘኻኸሪ እዛ ጽሕፍቲ እዚኣ ቅድሚ ፷ዓመት ጽሒፈ፣ ኣብ መጽሄት ውራይና ወፂአ ምንባራ እናሓበርኹ፣ጠቐሜታኣን እተሕልፎ መልእኽቲ ድማ ዘላቒ ዝኾነ ረብሓ ህዝቢ ትፈጥርያ ኢለ ስለዝኣምን፣ ሓደ ሓደ ዝውሰኽን ዝቕነስን ሓሳባት ብምምሕያሽ ንኻልኣይ ጊዜ ንመንበብተይ እንትዝርግሓ ዝስማዓኒ ሓጎስ ወሰን የብሉንሞ ሰናይ ንባብ።

ውልቐ ሰባት ኣብ ህንጸት ሃገር ኮነ፣ኣብ ወድቀት ሃገር ዝጻወትዎ ግደ ወይድማ “እጃም” ዓብይ ስለዝኾነ ኣነ፣ንስኻ፣ንስኺ እነውፍዮ ናይ ስነ ምግባርን፣ኣተሓሳስባን ኣበርክቶ ዝናዓቕ ኣይኮነን።

ቐደም እዩ ኢሎማቶ, ኣብ ሓንቲ ሃገር፣ እቲ ሕዝቢ ብሳኣን ፍትሒን ርትዕን፣ ብሌብነትን፣ስቓይ ድኽነትን ምስተማረረ፣ እታ ሓንቲ እንኮ ዝቐረየቶ ኽገብራ ዝኽእል መማረፂት, ንሰማይ ኣንቓዕሪሩ፣ኣንታ ፈጣሪ ኣምላክና፣እረ እንታይ ዓይነት በደልን ኣበሳን ኔሩና እዩ ? እረ ብስሩኽ እንታይ በዲልናኻ ኢና <u>“ጥዑይ መራሒ”</u> እትኽልኣና ?ብምባል ንዝኣምንዎ ፈጣሪኦም ልመናን፣ምሕጽንታን ኣቕረቡ።

ኦ ኣምላክና ዝበደልናኻ ይቕረ በለልና !

በደልና ሕደገልና ! ኦ ኣምላክና እናበሉ ብተደጋጋሚ ይልምኑ?

ፈጣሪ ኣምላክ ድማ “ዝለመንዎ ዘይኽልእ፣ዝነገርዎ ዘይርስዕ” እዩሞ እሺ ኢሉ፥ ምህሌላኹም ሰሚዔ !

ድሌትኩም ድማ ኽማለዐልኩም ወሲነ ኣለኹ በሎም።

ወያ ኣህዛብ ኣምላክና ሰሚዑና ኢሎም ብታሕጓስ ይፍንጽሑ።

ፈጣሪ ኣምላኾም ብምቕፃል በሉ ጥዑይ መራሒ ስኢና እሞ ጥዑይ መራሒ ሃበና ? እዩ ልመናኹም, እወ

በሉ ንዓኹም ዝኸውን ጥዑይ መራሒ ኻብ ዓዲ ሃገረ “እንግሊዝ” ሓርዬሉኩም ኣለኹ ይብሎም።

ወዮ ኣሕዛብ ብዋጭዋጭ መሬት ሓንቲ ይገብርዋ። ኣምላኮም ግራ ይኣትዎሞ እሂ እንታይ ኮይንኩም ? ኢሉ ይሓቶም

ወያ ኣሕዛብ በፍጹም ኣይኸውንን ይብልዎ።

ኣምላኮም በሉ ጸገም የለን ኽቕይረልኹም ብምባል፣ እሞ ኻብ ሃገረ “ኣሜሪካ” ኽምጸኣልኹም እንተበሎም ?

ሕዝውን ኡኡ ብምባል ዋጭዋጬም ይቕጽልሉ።

ወዮ ኣምላኾም ይግረምሞ በሉ ሕራይ,ካበ እንግሊዝን፣ኣሜሪካን ኻብ ዘይደለኹሞም ኻብ “ጀርመን”

ከምፃአልኹም ምስ በሎም፣ጭራሽ ኻብ ጀርመን !

እዙይማ ዘይሕሰብ እዩ ኢሎም ኡይ በሉ።

ብድሌታቶምን፣ብባህጎምን ዝተዳናገፀ አምላኾም፣ ኸምዙይ ክብል ሓተቶም፣ ልመናኹም ሰሚዔ ዘቕረብኩልኹም መማረጺ እንታብ ዘይተቐበልኹም፣ አነ ዳአ ኻበይ ከምጸአልኩም ደሊኹም ? ኢሉ ጠየቆም።

ወዮ አህዛብ ንሕና ዝጠየቕናኻ፣ ኻባና ኻብ ውሽጥና፣ ጎበዝን, ቅኑዕን, መራሒ ሃበና ? ኢና ዝበልናኻ ምስ በልዎ።

ወዮ አምላኾም ድማ ከምዙይ በሎም።ኻባኹም ኻብ ውሽጥኹም ዳአ, <u>ንስኻትኹም ባዕልኹም ዘይፈጠርኩሞን</u>፣ <u>ዘየፍረኹሞን መራሒ አነ ኻበይ ከምጽአልኩም</u> ? ኢልዎም ከደ ይባሃል።

ልክዕ እዩ መራሕቲ ሓንቲ ሃገር"ሓደ ሕዝቢ" ውጽኢት ፍረ እቲ ዝወጽሉ ማሕበረሰብ እዮም። እብ ታሪኽ አጋጣሚ ብልቕ ዝበሉ ፉሉያት መራሕቲውን ይፈርዩ እዮም። ከም ተጋሩ ብብልሖም ዓብይ ታሪኽ ሰሪሖም ዝሓለፉ ተጋሩ፣ ስሞም ደሚቑ ዝላዓሉ ትግራዎት አለውና።

ከምኒ ሃጸይ ካሌብ፣ኤዛናን ሲዛናን፣ንጉስ ባዜን፣ራእሲ ስሑል ሚካኤል፣ሃጸይ ዮውሃንስ ፬ይ፣ራእሲ አሉላ አባነጋን፣ ጠ/ሚ መለስ ዜናዊን ጀነራል ሓየሎም አርአያ፣ሌ/ጀነራል ፃድቃን ገ/ተንሳይ ዝመሳሰሉ ታሪኽ ዘይርሰኦም ተጋሩ አለውና። ውልቀ ሰባት ኸምቲ ጥንኩርን፣አድማፅን ታሪኮም ደቒ ሰባት እዮምሞ፣ ድኽመት እውን ከምዘለዎም እንተይረሳዕና፣ ታሪኾምን ስራሕቶምን፣እቲ ዝውሰኽ ወሲኽና፣እቲ ዝእረም አሪምና ንረብሓ መፃኢ ወለዶ ሰኒድና ብምትሕልላፍ፣ ደቕና ኻብ ስሕተትና ንኽማሃሩ ምግባር ትግራዋይነት ግዴታ አለና ኢለ ይአምን።

እምባአር ከስ ናይ ማሕበረሰብ ለውጢ ኽንገብር እንትንብል እንተለና መጀመርቱኡ፣ ሱር መሰረቱ ውልቀ ሰባት ምዄኖም ነፂርኻ ምርዳእ ያድልይ፣ኻብ ኹሉ ንላዕሊ ግን እንታይ ዐይነት ለውጢ ኢና ንደልይን ? ንምንይን ነፂርና ምፍላጥ የድልየና። እዚ ሕቶ እዙይ፣ዝምልከቶም ሓለፍቲ መንግስትን፣ሰብ ሞያን ናይ ሕዝብና ታሪኻዊ፣ ባህላዊ፣ ስነ ልቦናዊ ጽንዓት ብዝተሞርኮዘ፣ ምስናይ ዓለም አንፈትን ምዕባለ እናመዘንኻ፣ ባህልናን ታሪኽናን ሓሊና፣ ምትላም ምምሕያሽን፣ ኽእረሙ ዝግቦኦም ድማ ተአሪሞም ናብ ግብሪ ምእታው የድልየና እብል።

ታሪኽና (ታሪኽ ተጋሩ) ብዝተፈለለዩ ምኽንያታት፣ዋላኳ ተዳፊኑን፣ተዓፊኑን እንተነበረ፣ እቲ ድሙቕ ክዕበጥን፣ ክሕባእን ዘይኽዕል ጀግንነትን ቓልሲ ሕዝቢ ትግራይ ግን፣ ኻብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተሓላለፈ፣ ናብዝ ዝንሄናሉ እዋን በፂሑ ብዓይንና ርኢናዮ። ጣዕመ መቐሬትኡን፣ ሰቓይ መከርኡን ተቓዲስናዮ፣ ብጭቡጥ ድማ ንነብሮ አለና።

ልኽዕ ሂወት ቓልሲ እዩ። ቓልሲ ድማ ፍረ መስዋእቲ እዩ። በዞም ዝሓለፉ ፬ ናይ ወየንቲ ሕዝባዊ ቓልሲን፣በዚ ሎሚ ገጢሙና ዝንሄ ፍሉይ ናይ ትግራዋ ዘርኢ ምጽናት "ጀኖሳይድን" ብዙሓት አሻሓት፣ አሓትን፣ አሕዋትን አያታትን፣ አዴታትን፣ እታ እንኮ መተካእታ ዘይብላ ሂወቶም ከፊሎም ሓሊፎም

እዮም።

ንምንታይ እንተ ኢልና ? በእንተ ትግራይ፣ በእንተ እዛ ኽብርቲ መሬት ትግራይ።

ኣብዙይ ከም ተጋሩ ባህግታትናን፣ድሌታትናን ናብ ዝቕጽል ናይ ዕቤት ብርኪ ንምውሳድ፣ዝሓለፈ ማንነትና ከም ተጋሩ ድኽመትና፣ ጥንካሬናን፣ ኣበይ ኔርና ? ኣበይ እንሄና ? ናበይከ ክንኸድ ንደሊ ? እዚይ ብዕሊ ነጺርና ክንዓግዝ ኣለና። እንተዘይኮይኑ ብግምትን፣ብኣንፈት ኣልቦ ኸይዲ፣ እንመርሖን፣ እንዓዝዞን ኸይዲ፣ ኸይዱ ኸይዱ ጭቃ እዩሞ ኣንፈትናን ባህግናን ንነጽር።

ኣነ ብወገነይ ትማሊ ዝገበርኩዎ ስሕተት (ጌጋ) ንከይደግም ከም ውልቀ ሰብን፣ ከም ፍረ ማሕበረሰብ ትግራይን፣ ብፍላይ ድማ ከም ወለዶ 50ታትን ሕዝበይን ዓደይን፣ ይጠቅም ዝብሎ ሓሳበይ እንትጽሕፍ እሕበን።

ናይ ኣሜሪካ ፕሬዚዳንት "ጃን ኦፍ ኬነዲ" ኣብ ሓደ መደረ ከምዝበልዎ "ሃገረይ እንታይ ጌራትለይ ? እንትይኮነ ክንሓትት ዘለናስ፣ኣነኸ ንሃገረይ እንታይ ጌረላ?" ነብስና ክንሓትት ኣለና ! ዝበልዎ ዘረባ ነዚ ንዝትየሉ ዘለና ኣርእስቲ ከም ጽቡቕ መበገሲ ክኾነና እዩሞ ሰናይ ንባብ።

ብመሰረቱ ተጋሩ ከም ተጋሩን፣ተጋሩ ከም ኢትዮጲያዊያንን ኻብ ዝሓለፈ ታሪኻዊ ረኽብናን፣ ዘለና ርድኢት ሃገራዊ ሓድነትን፣ ምፍታሽ ቀላኺ እንተድለየና፣ ኣነ ከምዝተረዳእኽዎ፣እቲ ሱር ዝሰደደ ሃይማኖታዊ፣ ባህላዊ፣ ሰነልቦናዊን፣ ታሪኻዊ ኣረዳዳኣናን፣ እምነትናን ፍጹም ዘይቃዶ፣ ኽልተ ዝተፈላለየ ኽዕረቕ ኮነ ክስተኻኸል ዘይኽእል። ፍልልይ ከምዘለና ኣሚና እነቕርቦን፣ እንውስኖን መጻኢ ድሌትና ብግልጽን፣ ረብሓ መፃኢት ሃገረ ትግራይ፣ ናይ መወዳእታ ሽቶ ዝዐለመ ክኸውን ኣለዎ ኢለ ይኣምን።

ሕጽር ብዝበለ ዝሓለፈ ታሪኽ ትግራዎትን፣ኢትዮጲያዊያንን ብዝተወሰነ መልክዑ ገሊጸ፣ብናሃተይ ዕድመ ዝርእኽዎ ሓቓዊ ታሪኽ ሓዊሰ፣ ሎሚ ብሚዲያታት ኢትዮጲያን፣ ብመንግስቲ ኢትዮጲያን ኣብ ልዕሊ ሕዝቢ ትግራይ ዝፍጸም ዘሎ ግፍዒ ንምንታይ ? ኢልና ምጥያቕ ቀላኺ መልሱ ግልጽን ርኡይን እንተኾነ፣ ንምንታይከ ተጋሩ ጠጠው ኽነብሎ ዘይኻኣልና ? እዚኹሉ ግፍዒ ኣብ ልዕሊ ሕዝብና እንትፍጸምከ ተጋሩ ከም ተጋሩ ጥፍኣትና እንታይ ይመስል ዝብል ከም ውልቀ ሰብ ኻብ ጌጋና ተማሂርና ኣብ መፃኢት ትግራይ ዝህልወና እጃም ኽገልጽ ኽፍትን እዬ።

እቲ ቐዳማይ ውሕብቶ ተጋሩ ከም ማሕበረሰብ፣ ርህሩሃት፣ ኣመንቲ፣ ሓዳጋትን ይቕረ ባሃልቲን፣ኽብሪ ዓድና ታሪኽናን ባህልናን ብደምና እንሕሉ፣ ንሓቒ ንስዋእ፣ ፍትሒን ርትዕን እንትዓደል ዘይንቕበል፣ ጀጋኑ ማሕበረሰብ ኢና። እይኾነን ንትግራይን ንሕዝባን፣ ንኻልኦት ኣህዛብ ሂወትና ብምስዋእ፣ ንኻልኦት ነፃነት እንመውት ማሕበረሰብ ኢና። ሕዝቢ ኢትዮጲያ ብሚሊሊክ፣ ብሃይለስላሴን፣ ብደርጊን ኣብ ርእሲኡ ተሸኪምዎ ዝነበረ ባርነትን መግዛእትን ብናይ 17 ዓመት ብረታዊ ቓልሲ ፈንጊሑ፣ 65ሺሕ መላምል ደቑ ሰዊኡ ነፃነት ዝሃበ ሕዝቢ እዩ።

ንሕዝቢ ኤርትራ ደርጊ ብወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ ንሻዕብያ ጸራሪጉ ኻብ ምድሪ ኤርትራ ንኸጥፍኦ ጸሪጉ፣ ጸራሪጉ ናይ መወዳእታ ድፍዑ ኣብ ጎቦታት ሳሕል ምስተኸበበ መዛግቡን፣ዕጥቑን ኣቓጺሉ፣ ውድብ

ሻዕብያ ንሱዳን ክሃድም ምስጀመረ፣ አለኩልኻ ንኢሸተይ ሓወይ፣ ቓልሲ ሕዝቢ ኤርትራ እንተጠፊኡ ቀጺሉ ቓልሲ ሕዝቢ ትግራይ ከምዝኾነ ዝፈለጠ፣ ሕዝቢ ትግራይ ውድብ ህ.ወ.ሓ.ት ሰራዊቱ ሒዙ ሳሕል ብምብፃሕ ንሻዕብያ አድሒኑ ኽሳብ ዓወት ተደጋጊፎም ደርጊ ምስ ሳዓሩ፣ ኻልኦት ውድባትን, አምሓራን ናጽነት ሕዝቢ ኤርትራ እንትቃወሙ፣ውድብ መርሕነት ቓልሲ ሕዝቢ ትግራይ, ንሕዝቢ ኤርትራ እቲ ብሂወቱ ዝኸፈለሉ መስዋእቲ ብፈ̄ርሙኡ ፈሪሙ ድማ ናጽነት ሃገረ ኤርትራ ዝሃበ ሕዝቢ ትግራይ እዩ።

ጊዜ ሕማቕ ሎሚ ግን፣ ነገራት ተቐይሮም ብዓይንና ንኽንርኢ ዕድመ ሂቡና። ሕጽር ብዝበለ እስኪ ብኢትዮጲያዊያንን ብኤርትራዊያንን ዝፍጸሙ ዘለው ግፍዕታት ንርአይ፣ብመርሕነት ውድብ ኢ.ሕ.አ.ዴ.ግ (ህ.ወ.ሓ.ት) ኢትዮጲያ ን25 ዓመት ተመሪሓ, አብ ዝላዓለ ብራኸ ልምዓትን፣ ለውጥን ዋላኳ እንተነበረት፣እዚ ዝተራአዩ ለውጢን ምዕባለን ፍጹም ዘይተቐበልዎ ፖለቲከኛታትን፣ አህዛብን ድማ ኔሮም እዮም። ኻብዚኦም ድማ መራሕቲ ሕዝቢ አምሓራን፣ መራሕቲ ሕዝቢ ኤርትራን እቶም አብ ቐድሚት ዝስርዑ እንትኾኑ፣ጥቕሰይ ዘክርዋ "መራሕቲ ፍረ ውጽኢት ማሕበረሰቦም እዮም" አይንረስዕ። ብዝተዋደደ ጥምረትን ሕብረት አምሓሩን፣ኤርትራዊያንን ብሓፈሻ ኢትዮጲያዊያንን ዝተገብረ ዕላዊ መጽናት ዘርኢ ተጋሩ ሕጽር ብዝበለ ብሚዲያታቶም ንሕዝቦም ምምሃር ጀመሩ እቲ አስተምህሮ መጀመርያ ብሚዲያ ንተጋሩ የቀን ጅቦች፣ጸጉረ ለውጦች፣ ካገኛቹህ ያዟቸው ግደሏቸው፣ እሰሯቸው። ቐጺሎም ጁንታዎች፣ የሃገር ሃብት ዘራፊዎች፣ ቐፂሎም ትግራዋይ አብ ዝነብረሉ ክልላት ብሰላም ከይነብር ክእሰርን፣ ብእምኒ እናተቀጥቀጠ ክቅተልን ገበሩ፣ትግራዋይ ዘለዎ ሃፍቱን፣ ትካላቱን እናተሓድገ ቤት ማእሰርቲ አዕለቕለቑ። ቐጺሉ ኸበባታት፣ዋና ናይ ፈ̄ደራል መንገድታት፣ ብአምሓሩ ተዓጸዉ፣ቐጺሎም ኢንቨስት ዝገብሩ ትካላትን ሰብ ሃፍትን ንትግራይ ከይኸዱ ተኸልከሉ፣ ናይ ቓይና፣ ናይ ግብጺ፣ ናይ ቱርኪ፣ ስብ ሃፍቲኻብ አውሮፐላን እናውረዱ ከልከልዎም። ትግራይ ሓያል አምበጣ ምስ አጥቓዓ፣ነጸግቲ መድሓኒት ኻብ ድምበር ትግራይ ኻብ አላማጣ እናተመልሳ ንንየው እናነጸጋ ትግራይ ንአምበጣ ባልዕ ተሳጠሐት። ናይ ኮሮና ሕማም መካላኸሊ ንኢትዮጲያዊያን ተማሃሮ እንትውሃብ፣ ተማሃሮ ትግራይ ብዕሊ ተኸልከሉ። ፈ̄ደራል መንግስቲ ኢትዮጲያ ብዕሊ ባጀት ትግራይ አገደ። ብጥቅምቲ 24 ድማ ብዕሊ ኤርትራን፣ ኢትዮጲያን፣ሶማሊያን፣ምስ ኩሎም ናይ ክልላት ፍሉይ ሓይልን፣ናይ አምሓሩ ፋኖን፣ብሙሉእ ድጋፍ ዓረብ ኤምሬትን፣ሱዕዲ ዓረብን ንትግራይ ወረራአ።

ሚዲያታትን አምሓሩ ድማ ብፖለቲከኛታትን፣ብመራሕቲ ሃይማኖትን፣ አክቲቪስት ኩሎም ብሓደ ጥምረት ተሰሊፎም ብሙሉእ ሓይሎም አብ ትግራይን፣መሪሕ ውድብ ትግራይን፣ መንግስቲ ትግራይን ከቢድ ናይ ሚዲያ ኼናት ከፊቱ።ብጦር ሜዳ ክስዕርዎ ዝአበዮምን፣ዘፍሸሎምን ጀግና ሕዝቢ ትግራይ ሽሙን እናጸለሙ ስነልቦኑኡ ኽሰብሩ ላሕ ይብሉ አለው።

እኒ አገኘሁ ተሻገር <u>ሕዝቢ ትግራይ ቀንደኛ ጸላኢ ሕዝቢ ኢትዮጲያ ስለዝኾነ ኽጠፍእ አለዎ</u>። ኢሉ ብቴሌቭዥን ናይ ኽተት አዋጅ አዊጁ። አንዳርጋቸው ጽጌ እዚ ሕዝቢ እዙይ ብቲ ዝግባአና ልኽዕ ኽንጭክን ስለ ዘይካአልና ኽነጥፍኦ አይካአልና። ኻብዙይ ብዝበለጸ<u> ምጭካን የድልየና ኢሉ አዊጁ</u> ።ዳንኤል ክብረት ብብሄራዊ ሚዲያ እዞም ሕዝቢ እዚኦም <u>ኻብ ገጽ ምድሪ ምጥፋኡ ጥራሕ እንተይኮነስ፣ ኻብ አእምሮ ወዲ ሰብ ተፋሒቆም ክጠፍኡ አለዎም</u> ኢሉ ቅስቀሳ ጀመረ። ደቅና ናይ

ጭራቕ ተምሳሌት ንሶም ከምዝኾኑ እናነገርና ኽነዕብዮም አለና እሉ መደረ ጌሩ። ወርቁ አይተነው ዝተባህለ ናይ ሰሊጥን፣ናይ ዘይቲን ነጋዳይ ነዚኦም ምቕታል ጥራሕ እንተይኮነስ፣ ቐቲልኻ ከም ስጋጤል ጠቢስኻ ምብላዕ እዩ። ኢሉ ምቕስቓሱ ጥራሕ እንተይኮነስ አብ ቤንሻንጉል 11 ተጋሩ ኻብ ቤት ማእሰርቲ አውጺኦም ብሂወቶም ብሓዊ እንተቃጽልዎም ብሚዲያ አርእዮሙና።

መራሕቲ ሃይማኖት አምሓራን፣ አርቲስት አምሓራን፣ እዚኦም ቐቲልኻ ምንሳህ ይሓይሽ እንትብሉ ሰሚዕና፣ ደበበ እሸቱ ዝብኢ ቐቲልኻ በሊዕኻ ምንሳህ ይሓይሽ ኢሉ እንትዛረብ ሰሚዕና።ዳዳስ ናይ አምሓራ ሕዝቢ አኺቡ ምስ ጁንታ ኻብ ምንባር፣ምስ ሰይጣን ምንባርን፣ሰይጣን እንተዝመርሓና ንመርጽ ኢሎም እንተምህሩ ሰሚዕና።

አምሓሩ ፉኖ ተጋሩ እሕዋትና ዓሚጾም ዘርእኽን ክነጽርዮ ኢና፣ደምክን ምስ አምሓራ ኽዋራረስን ትግራዋይ ከይትወልዳን ኢና ንገብረክን ዘለና ኢሎመን።

ሻዕብያ ኽቡራት ቤተኽርስቲያናትና አርኪሶሞ፣ኻህናት እናቐደሱ አብ ውሽጢ ቤተክህነት ረሺነሞም፣መሳጊድ እኒ አልነጃሽ ብመድፍዕ ወቒዖሞ፣መጻሕፍቲ ቤተክህነት ፣አልባሳትን፣ቅርስታትን ትግራይ ወሪሮሞ፣ሶማሊያዊያን መላፍንቶም አዴታትናን ፣ፈለስቲን ደፊሮመን ሎሚውን እዚ መቕተልትን ስቓይ ሕዝብናን፣ ብፍላይ አብ ምዕራብ ትግራይን፣አብ ሰሜናዊ ምዕራብ ትግራይ፣ ወረርቲ ሰራዊት ኤርትራን፣፣ምስ መላፍንቶም ናይ አምሓራ ፋኖ ይቕጽል አሎ።

እሞኸ ዳአ ኻብዝ ወራርን ግፍዕን እዙይ ፈንፂሕና ከምንወጽእ 100%ርግጸኛታት ኢና፣ከም ተጋሩ መፃኢት ትግራይ ብኸመይ ክትህነጽን፣ተፈጢራ ክትዕምብብን አለዋ ንዝብል ሕቶ ብወገነይ ቕድሚ ፯ዓመት ንውራይና መጽሔት ዘቕረብክዎ እምነተይ ከምዘሎ እናቕረብኩ፣ኩሉ ጊዜ ለውጢ ካብ ርእስኻ ስለዝጅምር ማሕበረሰባዊ ለውጢ ክነምጽእ ምስ እንፍትን፣ወልቐ ሰባዊለውጢ የድልይ፣አነ፣ ንስኻ፣ንስኺ መጀመርያ ከም ውልቀ ሰብ አመለኻኽታናን ርድኢትናን ብምፍታሽ ብሕታዊን፣ውሽጣዊን ለውጢ ብምግባር እታ ንምነያን ንብህጋን ትግራይ ንምፍጣር ኢድ ንኢድ ተታሓሒዝና ስጉምትና ንጀምር፣ሓሳብ ሓይሊ እዩሞ ሓሳባት ተጋሩ ኩሉ ተሰሚዑ እቲ ንትግራይ ዝጠቅም ናብ ናይ ሓሳብ ባንኺ ብምጽምባር እጃምና ነውፍይ እናበልኩ ናብ ዝቕጽል ጽሑፈይ እሰግር።

## “ማሕበረ ሰባዊ ለውጢ”ለውጢ እንትብል እንታይ ዓይነት ለውጢ ኢና ንደልይን፣ንምነይን

ባህላዊ ለውጢ? ምምህድዳራዊ ለውጢ? መነባብሮዊ ለውጢ? ናይ አተሓሳሰባ ለውጢ? እንታይ አይነት ለውጢ ?

እወ ኸም ውልቀ ሰብ  መጠን፣ እዘን ኹልን አብ ላዕሊ ዝገለፅኽወን ናይ ለውጢ አይነታት፣ዋላ ዳአኂ ተፈላለየ ትርጉም ዝለወን ለውጥታት ይኹና እምበር፣ ብሀደ አርእስቲ ኽምለሳ ዝኽእላ ናይ ለውጢ ክፍልታት እየን።

ንሱ ድማ ናይ አተሀሳሰብ ለውጢ ብዝብል ደምዳም ኽንዛዝመን (ኽነጠቓልለን)ንኽእል ኢና ኢለ

ይአምን።

ኣብዝ ቐረባ እዋን ፍርዲ ብዝብል አርእስቲ ሀደ ናይ ትግርኛ ፊልሚ ተሰሪሁ ንህዝቢ ቐሪቡ።

እዝ ፊልም እዝይ ዋና ትህዝቱኡ ብፍላይ ከም መጠን ተጋሩ፣ኣብ ውሽጢ ማሕበረሰብና ዝርዐይ ኽብይ ናይ አተሃሳሰባን፣ ናይ አራእእያን ፀገም ኣብሪሁ ነፂሩ ድኽመትና፣ ድኽመት ማሕበረሰብና ዘርእየ ትምህርታዊ ፊልም እዩ።ብቀጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ ናህተይ ዋና ሀሳብን ነጥብን እውን ኽምዝ ፊልሚ እዝይ እዩ። ኾይኑ ግን ናይ ማህበረሰብና ስነልቦናዊ አተሀሳሰባ ንምቕያር፣ ብሕታዊ አተሀሳሰባና ኽንቕይር አለና ኢለ ስለ ዝአምን፣ኳብ ናብ ማሕበረሰብ ዝብል ጠመተ ናብ፣ “ውልቀሰብን፣ውልቀሰባት”ናብ ዝብል ዝንአስ ኽፍሊ ብምትኳር፣ ሀፈሻዊ ለውጢ፣ወይኻአ ማሕበረ ሰባዊ ለውጢ፣ኳብ ስር መሰረቱ ኽንምህዎ ንኽእል ኢና ኢለ ይአምን።

ፅቡቕ እንታይ ኽ እዩ ትነጥቢ ? እቲ ነጥቢ ወዲ ሰብ ኽልተ ዓይነት ናይ አተሀሳሰባ ባህርያት አለውዎ።

ቐዳማይ ሕልናዊ አተሀሳሰባ (Consciousness)

ኻልአይ ሰምኢታዊ / ወይኻአ ትምኒታዊ (Ego) አተሀሳሰባ እዮም ብንግሊዘኛ ይብልዎም።ርግፅ ወድሰብ ብሀደ ግዜ አተሀሳሰቡኡን፣ ስነምግባሩን፣ ለውጥ ኽንብሎ አይንኽእልን። ይኹን እምበር ፅቡቕ ይኹን፣ ሕማቕ ኽንእርምን ኽንቕፅለሉን እንኽእል ግን ንንገብሮ ተጋብር፣ ንንወሰዶ ስጉምቲ፣ንንሕቦ ፍርዲ፣ ንነሕልፎ ውሳኔ፣ ምሉእ ጥንቃቐን ተገዳስነትን ክንሓውሰሉ እንተለና (Awareness)ፍሪኡ እትንፅበዮ እዩ። ፀቡቕ ይኹን ሕማቕ ማለተይ እየ።

ኣብዝ ዝንሔናሉ እዋን መበል 21ክፍለ ዘመን፣ ወዲ ሰብ ዋላኻ መብዛሕትኡ እንተዘይተባህለ ቀልቢ ወዲሰብን፣ ድሌት ወዲሰብን፣ ትምኒት ወዲሰብን ግን ኣብ ኽልተ መንገዲ እናተኸፈለ ኽምዝመፅአ ንፅዘብ።

ንሱ ድማ ውልቀ ሰባውነትን፣(ብሕታውነትን) ማሕበረሰባውነትን (ሓፈሻውነትን) ማለት እዩ።

ፍልይ ብዝበለ አዘራርባ ንረብሀ ሕዝብን፣ ንረብሃ ብሕታውነትን ምንባር ማለተይ እየ።

ሀ/ ተወሊዶም ኽሳብ ብሞት ዝፍለዩ ህዝቢ እናገልግሉ ዝነበሩን፣ ዘለውን ደቅ ህዝቢ (public servant)

ለ/ ህዝቢ ብዘየግድስ ሕዝቦም እናዘረፉ፣ ህዝቦም እናሳቀዩ፣ ሕዝቦም እናበደሉ ዝነብሩ ማለት እዩ።

እቶም ደቅ ሕዝቢን፣ ቤዛ ሕዝብን ኽም ፅቡቕ ኣብነት ንሓዞም እሞ፣ እቶም በደልቲ ሕዝቢ እስኪ ንርአይ።

ዋና ነጥቢ ንምንታይ **?** ዝብል ሕቶ ምሕታት የድልይ። እዚ ድማ ብፍላይ ምስቲ ዝንሔናሉ ግዜ ዝተታሓሓዘ

ጉዳይ እዩ።

ገንዘብን፣ስልጣን (money & power)ይብልዎ። ብመጀመርታ ኸንምልሶ ዘለና ዋና ሕቶ ኻአ፣ እሞ ወዲ ሰብ ካብዝ ዝንሂሉ ፀቐጢ ገንዘብን፣ ስልጣን ኣላቒቑካ፣ ናብ ናይ ሕዝባዊ ኣመለኻኸታን ኣረአእያን፣ ኣተሀሳሰባን ምቕያር ይኻኣል ዶ ?

ምኽንያቱ ድማ ዓለም ብቑሳቑስን፣ ብቑሳቑሳውነትን ዝትዎሃጠትሉ ግዜ ሰለዝኾነ።

Gravitational pull of materialism & materiality is risen above, Identification with form that keeps the Ego in place ( Eckhart tolle)

ወድ ሰብ ብጥቅምን ጥቅማጥቅምን ኣብ ዝተሰሓበሉ እዋን፣ ስሚዒታዊ ድሌት ሰብ ኣብ ልዕሊ ንብረትን፣ ንብረታውነትን ዝወጠነ እዩ። መልሱ ግን ድማ እወ ይኸውን። ዋና ነገር ግን ኸመይ ጌርና ? እዩ። ብህታዊ ማንነትና ተጋብርናን፣ ኣተሀሳሰባናን ብምፍታሽ ኣነ መን እየ ?

እምነተይ ከ እንታይ እዩ ?

ኣተሀሳሰባይን፣ ተጋብረይን ከመይ ይመስል ?

ጌጋታተይ እንታይ እዮም ?

ኸመይ ጌረኸ ኽዕርሞም ? እዝኤንን፣ ኸምዝኤንን ዝመሰላ ሕልናዊ ሕቶ ንንህድ ሕዱ ወድ ሰብ ባዕሉ ንባዕሉ ጠይቑ ኸምልስ እንድህር ኽኢሉ/ኽኢላ/ኽኢልና ንፅገምና ኾነ ፀገም ማሕበረሰብና እቲ መሰረታዊ ዝኾነ ግልጋሎትን፣ ዕቤትን ኽነውፍይ ንኽዕል ኢና ኢለ ይኣምን።

ኣብዝይ ኽገልፆ ዝደሊ ተወሳኺ ነጥቢ ለውጢ፣ ወድያው ሸኡ ንሸኡ ዝፍጠር ውፅኢት ዋላ እኺ እንተዘይኾነ ፣ ድኽመትና ተረዲእና፣ ነፂርና ፈሊጥና፣ ኽንርኸብ እንተለና ጌጋታት ኻብ ምፍፃም ኽንጥንቀቕ ኽምንኽእል ንርዳዕ ማለት እዩ። (Root of Consciousness and Awareness )ይብልዎ።

ታሪኽና ዋላ እኺ ብነዊሕን፣ብጭቡጥን ማስረጃ ዝቐርብ፣ ብኣሻሀት ዓመታትን ዘመንን ዝግለፅ እንተኾነ፣ ብዝ ናህና ግዜን ሓፂር እዎንን፣ ዝርአይናዮ ማስረጃ ኽቐርብ ይግደድ።

ነብስሄር ኽቡር ጠ/ሚ መለስ ዜናዊን ፣ነብስሄር ኽቡር ኣቶ ኣለማዬሁ ኣቶምሳን፣(ርእሰምሕደራ ክልል ኦሮሚያ) ዝነበሩ ንውሰድ ንሕዝቢ ብእንተ ህዝቢ ፣ ኽብሉ ኽምሸምዓ መኺኾም።

ብትኻሊእ ወገን ድማ ንርአይ፣ ኮሌኔል መንግሰቱ ሀይለማርያምን ፣ ሻምበል ፍቅረስላሴ ወግደረሰን ድማ ንርአይ። እዞም ሰባት እዚኦም ትማሊ ዝገበርዎ ግፍኢን በደል ሕዝብን፣ ብኣደባበይን በመፅሀፍን፣ ተጋብሮም ብምኽሓድ በደል ሕዝቢን፣ ደም ህዝብን እንተይ ሕዘኖም ይነብሩ ኣለው።

ፈራዳይ ሕዝቢ እዩ። ኽብል እንተለኹ፣ግለሰባት ገዲፎሞ ብዝኽዱ ሀድጊ ስለዝምዘኑ፣ ንሕናውን ንልኽእ ብተጋብርናን፣ብሓድግናን ስለዝኾነ፣ሓድግና እንታይ እዩ? እምባአር ከስ ሓድግና እንታይ እዩ? ንዝብል ሕቶ ኣረአእያና እንታይ ይመስል? ብዝብል ሕቶ እዩ ኽምለስ ዘለዎ፣ ውሽጣዊ /ሕሊናዊ

አመለካኽታ ብዝተምርኾዘ ዶ ?

ወይስ ሰምዒታዊን/ትምኒታውን አመለካኽታ ብዝተመርኾዘ ?

እቲ ውሽጣዊ ወይኻዓ ሕልናዊ (conscious) እንብሎ ስነምግባር ወዲ ሰብን፣አተሓሳሰባ ወዲ ሰብን፣ብዘይኻ ብሕታዊ ጥቕምን፣ረብሓ ክረኽበሉ እየ እንተይበለ፣ኽስራሕን ኽፍፅምን ስለዘለዎ ጥራህ፣ አሚኑሉ ዝፍፅሞ ስራሕን ተጋብርን እዩ።

እቲ ደጋዊ አካላዊ ሰምኢታዊ (Ego) እንብሎ አተሀሳሰባን ስነ ምግባርን ድማ ንዐይ፣ ንወገነይ፣ ንጥቕመይ፣ ንኽብረይ፣ብዝብል አተሀሳሰባን፣እምነትን ዝሀቀድን፣ዝትለምን ተጋብር እዩ።

ንአብነት ሓደ ወልቀ ሰብ፣ ስርሁ ሕዝባዊነት አብ ዘለዎ ስራህ ይሰርህ ንበል፣ እቲ ውልቀሰብ እቲ ግዚኡ ኽይሰሰዓ፣ ደኺሙኒ እንተይበለ፣ተጎዲኤ እንተይበለ፣ፍፁም ሕዝባዊ ረብሓን፣ሀፈሻዊ ግልጋሎት ንማ/ሰቡ ብምውፋይ፣ዝዓግብ ሰብ ለይትን ቀትርን፣ ንህዝባዊ ረብሀ ዝነብር፣ ዝአርግ፣ ዝመውት ሰብ ሰልፍለስ ( selfless) ኸኽወን እንተሎ።

ብተቃራኒኡ (ተፃራሪኡ) ድማ ሀደ ውልቀ ሰብ፣ አብ ተመሳሳላይ ሃላፍነት ምግልጋል ሕዝቢ ኾይኑ፣ ግዲኡን፣ሃላፍነቱን ብምዝንጋዕ፣ እቲ ንሀና ዝብል እምነት ገዲፉ አነ፣ ንዕይ፣ ናብ ዝብል ድሌት ዝአተወ።

ብቲ ዝሀቦ ግልጋሎት ሕዝቢ (ሓፋሽ)፣እንተይኾነስ ብቲ ዝረኽቦ እቶትን ጥቕምን፣ ስልጣንን፣ ሀይልን እናተጠቕመ፣ ምስ ብሕታዊ ረብሕኡ፣ ዕቤቱን፣ናብርኡን ዝመዝንን ዝልኽዕን ስሱዕ (selfish self center) ውልቀ ስብ እውን እቲ ኻልአይ ይኸውን።

ሓደ ሀገር፣ ወይኻአ ደሓ ሕዝቢ ኻብ አካሉ፣ ካብ ውሽጡ ብዝወፅኡ ደቁ ይታሓዳደር፣ ይምራህ።እቶም ኻብ አብራኽ ሕዝቢ ዝወፅኡ ደቂ ሕዝቢ፣ ንህዝቦምን ንሀገሮምን ይጠቅም ኢሎም ብዝአመንሉ መንገዲ ሕግን ስርዓትን የርቕቑ የውፅኡ፡ መንግስቲ ናይ ሕዝቢ አካል፣ሕዝቢ ድማ ናይ መንግስቲ ፍልፍል ምኻኑ ይእመን። መንግስቲ ሀደ ግዜ ሕግን፣ ስርዐትን አውፂኡ፣ አርቒቑ ብቲ ዝአመነሉ መንገዲ፣ ብወረድ ተዋረድ፣ ካብ ላእሊ ኽሳብ ታህቲ ይዝርግሕ።

እቲ መንግስቲ ዘውፅኦ ሕግን ስርዐትን ድማ፣ ካብ ላዕሊ ኽሳብ ታሕቲ እናተተግበረ ኽወርድ እንተሎ፣ እቲ ተግባራዊ አሰራርሓን፣ውፂኢቱን ግን ማዕረን ሓደን አይኸውንን። እቲ ምንታይ ? ውልቀ ሰባት፣ኽምቲ አብላዕሊ ዝጠቀስኽዎ አተሓሳሰበኦምን፣ አተገባብሮኦምን፣ እምነቶምን ስለዝፋላላይ ጥራይ እዩ።

ካብዝይ ቀፂሉ ድማ እዞም ውልቀ ሰባት እዚኦም፣ ንዝዝንሑ መንግስቲ ወከልቲ ኽም ምዃኖም ድማ፣ እዝ መንግስቲ እዚ ብቲ እዞም ግለሰባት ዝሁብዎ ውፅኢት ስራህን ፍረን ይግመት፣ይልኻዕ፣ይመዘን፣ሓሊፉ ተሪፉ ይምሰገንን፣ ይንቀፍን። ኢሉ እውን ይጠፍእን፣ይነብርን ማለት እዩ።

ይኹን ዳአምበር እንድሀር መንግስቲ ሕዝቢ እዩ፣ ሕዝቢ ኻአ ፍልፍል መንግስቲ እዩ፣ ኢልና ንሕና

ኣህዛብ ትግራይ ማለት ኣነ፣ንስኺ፣ንስኻ፣ ኩላህና። ብሀፈሻ ኣካል እቲ ሕዝቢ ምኽና እንድህሪ ኣሚና፣ ንዚ ሕዝቢ (ማሕበረሰብ) እዝይ ንምቅያር ኽንላዕል ኣለና እንድህሪ ንብል ኾይና ? መጀመሪያ ንባዕልና ንኽንቅየር ኽንኣምንን፣ ኽንዕእርን ኣለና።

ቁልፊ ዝኾነ ነጥበይ ድማ መበገሲኡ እዝይ ይኽወን፣ ናይ ማሕበረ ሰብ ለውጢ ኽንገብር ኣለና ኽንብል እንተለና፣ መሰረቱን ጀማሪኡን ብህታዊ ለውጢ ኽኽውን ኣለዎ ኢለ ይኣምን።

ንስኻትኩም ኸ ? ኣንቱም ኣሓተይ፣ኣዴታታይን፣ ኣያታተይን ኸመይ ትርኢዎ ?

ኻብዝይ ብምትሳዕ እውን እየ ድማ ኣነኸ መን እየ ?

እጃመይከ እንታይ እዩ ?

ንሃገረይኸ እንታይ ጌረ ? እንታይኸ እገብር ኣለኹ ? ብምባል ዝጀምር።

ብመሰረቱ ፅልዒት፣ ወገናውነት፣ ስስዕ፣ መድልዎ፣ ጦርነት (ኺናት) ናይ ወድሰብ ተፈጥሮኣዊ፣ ወይድማ ሀፈሻዊ ስነምግባር እንተይኾነስ፣ ብሕታዊን፣ ውልቃዊ ድሌትን ንምምላዕ፣ ግዜን ኩነታትን ዝፈጥሮ ኽስተት እዩ።

ሕዝም እንተኾነ፣ ዜርና ዜርና ናፍተን ኽልተ፣ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቀሳ ዋና ነጥቢ ኢና ኽንመፅእ።

ዕቤት ይኹን ውድቀት፣ሰላም ይኹን ኺናት፣ፈጠርቱ ንህና "ፍጥረት ሰባት"ኢና፤ኢልና ንኽንኣምን ውን ንግደድ። ብዘን ሀሰባት እዚኤን ኽንስማማዕ እንድህር ኽኢልና, እቲ ኩናትን፣ውድቀትን ንግደፎሞ ረብሓን,ሰላምን,ዕቤትን ንርእይ።

ሰላም ዝመፅእ, ካብ ንንሕድ ሕድና ውልቀ ሰባት ውሽጣዊን፣ ሕልናዊን፣ ፃዕርን፣ እምነትን፣ ኣተሀሳሰብን፣ ኣርኣእያን ዝፈጥር ኽስተት እዩ።

ደሊ ላማ (The Dalai Lama)

ወዲ ሰብ ብዙህ ግዜ፣ኣብ ኸባቢኡ ብዝርእዩን፣ብዝስምኦን ግዚያዊ ሕውዝውዝ ብዝበለ መነባብሮ ኽምዝታለልን፣ ኽምዝሰሀብን እሙን እዩ። ይብሉ

ንኣብነት ኣብዝ ዝንሕናሉ መበል 21 ክፍለ ዘመን ቴክኖሎጂ፣ ሳይንስን፣ ትምህርትን ዝፈጠሮ መነባብሮ ወድሰብ ኣብ ጨቡጥ ዝኾነ ዕለታውን፣ መሰረታውን ሒወቱ ትኹረት ኣብ ኸንዲ ምሀብ፣ ዘመንን ቴክኖሎጂን ንዝፈጠርዎ ናይ ብርቕርቕ ትሁዝ (ጭቡጥ) ሒወት ዘመን ንርኸብ።

ማለት ድማ ቴሌቪዥን፣ ኢንተርኔት፣ ስልኺ፣ መኪና፣ ወርቂ፣ ገዛ፣ ናይ ገዛ ኣቑሑት ዝመሳሰሉ፣ ቐልቢ ወዲ ሰብ በቐሊሉ ዝስሕብ ማቴርያላዊ መሰሕቦ ማለተይ እየ። ይኹን ዳኣምበር ዕቤት ፅቡቕ ናብራ፣ ለውጢ ሀጢያት እዩ ምባለይ ኣይኾነን። እዝይን ኸምዝይን ብርቕርቕ ዝበዝሖ ሒወት ግን፣ንቲ ሀፋሽ ሕዝብናን፣ ታሪኽናን፣ ማንነትናን ከየሕሰሰልና መጠንቀቕታ ንምግባር እዩ።

አትሕሕዝ አቢለ ድማ ፣ እቲ ብምፍላጥ ይኹን ብዘይ ምፍላጥ፣አሲሩ ሒዙና ዝንሔ ድሑር፣ ቐሪት እቶም ዝሀለፉ ስርአተ ማሕበራት ምግላል(ምዕላይ) ድማ ንዕቤትናን፣ ንትዝመፅእ ወለዶ ሚዛናዊ ብዝኾነ ትሕዝቶ ንኽነተሃላልፎ እጃምና ኣብይ ኻምዝኾነም ንምግላፅ ዝአኽል እዩ።

ደቂ ሰባት ኸም ምኧና፣ ትምኒትናን ድሌትናን ዝተማሀየሸ ናብራ ንምንባር እዩ። ምስቲ ንሕና ውልቀ ሰባት ንምነዮ መነባብሮ፣ጎኒንጎኒ ግን ማሕበረሰብና ዝሓቆፈን ኽኽወን ምፅአር ናይ ሕድሕድና ሀገራዊ ግዴታና ኸምዝኾነም ይአምን።

ንስኻስ ? ንስኽስ ? ኸመይ ተሪእዎ አሓተይ/እሕዋተሐይን ? ምምናይ ሓጢአት የብሉን። ምቕናእ ሓጢያት የብሉን። ብሓውኻ ዝግበሮ ፅቡቕ ማህበረሰባዊ ጥቕሚ ብዝወፍዮ ሀሳብን ተጋብርን፣ ቐኒእኻ አነኸ ? ምባል ፍፁም ዝኾነ ቕንዕና እዩ።

ይኹን ዳአምበር፣ ሀውኻ ብዝገበሮ ፅቡቕ ስነምግባር ቐኒእኻ፣ ተንኮልን ኽፍአትን ንሀውኻ ምምናይ፣ ግን ነውሪ ኻብ ምኧን ሀሊፉ፣ ዝሀለፈ ስርአተ ማሕበር ሀዲጉልና ዝኻደ ፀረ ዕቤት ትጋብር ምኻኑ ንፍለጥ።

በትይ ይኹን በትይ ግን፣ ኸም ፍጥረት ደቂ ሰብ፣ ናብዚ ዓለም እዚአ ኽንመፅአ እንተለና፣ <u>ጥራህ ነብስና ኸምዝመፃእና ተረዲእና፣ እዛ ዓለም እዚአ ገዲፍናያ ኽንከይድ እንተለና እውን፣ ሒዝናዮ ንከይድ ነገር የለን</u>። ገዲፍናዬ ንኸይድ ሀድጊ ግን አሎ። ኻፍት ገዲፍናዬ ንኸይድ ሀድጊ ተላዒሉ ማህበረ ሰብና፣ ሕዝብና፣ ሀገርና ድማ ፍትሀዊ፣ ታሪካዊ፣ ሚዛናዊ ፍርዱ ይፈርድ።

ስለዝኾንም ወሰንቱ፣ ተግበርቱ፣ ፈፀምቱ ንሀና ነንሀድ ሕድና ወልቀ ሰባት ኢና ኢለ ይአምን። ፍልይ ብዝበለ አዘራረባ ሀሳበይ ንምግላፅ ዝአክል፣አብ ሒወት ዘመና ንንውስኖ ውሳኔ፣ ንንገብሮ ተጋብር፣ ብቀጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ መንገዲ፣ ነቲ ምሳና ዝንሔ ማሕበረሰብና ሕዝብና ናይ ተጋብርናን፣ ስራህናን፣ ውሳኔናን ተካፋላይ፣ ተጠቃማይ ወይኻአ ተጎዳአይ፣ ምኧኑ ነፂርና ኽንፈልጥ፣ ኽንርዳእ ይግባአና ኢለ ይአምን።

ሃንቲ ፅቡቕቲ ምሳሌ ንምጥቃስ ዝአኽል አብ ሃገርና '" ሰማያዊ ፈረስ "ብዝብል ዝተሰርሀ ፊልሚ ዝተጠቀሰት ሀንቲ ሀገራዊ መልእኽቲ ዝሓዘት ኽፍሊ ኽጠቕስ

"ሒድና በ3 ሚልዮን ብር አባብለው፣ ብሎ ሲያማክረው ታድያ 3 ሚልዮን ብር አግኝቶ ነው? ብሎ አንደኛው ሲጠይቅ፤ የኔ ወንድም 3 ሚልዮን ብር እንኳንስ እናት ሃገር፣ ወላጅ እናትም ያሸጣል እናም እሺ ይላል አለው።

ሶስተኛው አባላቸው ቀበል አረገና እሱንስ <u>እንደ ተሸካሚው፣አእምሮ ክብደትና ቅለት</u> ነው"። ዝብል ኽፍሊ ትምህርታዊ ትህዝቶ ምጥቃስ የድልይ።

ምናልባት ደቂ ሰብ ኽንባህል እንተለና፣ አፍቲ እዋንን ደቃይቕን ሰአትን፣ ንገብሮ ተጋብርን፣ ንውሰኖ ውሳኔታትን፣ መሚና ንምርአይ ዝኽውለና ጥቕምን፣ረብሀን ዝልአለ ኽኸውን ይኽዕል።

ይኹን ዳአምበር ዝሓሰብ ርዕሲ ዘለና ፍጡራት ደቂሰብ ስለዝኾና፣ ተጋብርና ምፍታሽ ፣ተጠንቐቕና ምፍራዱን ግን ፍረ ናይ ብቕዓትናን አተሓሳሰባናን ፣ኽእልት ናይ ምርዳእናን፣ፍረ ውፅኢት እምነትናን እዩ ኢሉ ይአምን።

ማሕተመ ጋንዲ ኽዛረብ እንተሎ ፣ፅቡቕነት ማለት ፅሩይ ልቢ ማለት እዩ ይብል።

(Beautifulness is a purity of the Heart)

ሶክራትስ ድማ ፅቡቕነት ክብራህርሀ እንተሎ ፣ፅቡቕነት ናይ ሕልናዊ ስነምግባር፣ እምበር ፅቡቕነት ናይ አካል አይኾነን ይብል።

(Beautifulness is Purity of The Soul Not The Body) አነውን መሰረታዊ ነጥበይን ዋና አለማይን፣ ንሕና ደቕሰባት ነማህረሰብና ዓብይ ሓገዝን ለውጥን ኽንገብር እንድህር ኾይና ሕልናዊ፣ ልባዊ፣ ውሽጣዊ ዝኾነ ፀሩይ እምነት ኽም ዕለታዊ መምርሒና ጌርና፣ጥንቃቁ ዝመልኦ አሰራርሓን፣ አካይዳን ኻባና ካብ ውሽጥና ኽንጀምር እንተለና እዩ ኢሉ ይአምን።

ንስኽስ አንቲ ሀፍተይ ? ንስኻስ አናታ ሀወይ ? እንታይ ትብሉ ? አነ፣ ንስኻ፣ ንስኺ ብሓፈሸኡ፣ ኹላህና ንሕና በብወገና ለውጢ ኽንገብር እንድህር ፅዒርና ሕዝብና፣ ሀገርና ኽንቐይር ኽምንኽእል ብሀደ ልቢ ዶ ንአምን ?

ምኽንያቱ ድማ ነንህድ ሕድና ለውጢ እንተይገበርና ወይኻአ እንተይ አመና፣ንኻልኦት ለውጢ ግበሩ ኽንብል ከምዘይንኽእል ንፍለጥ።

ንማሕበረ ሰብና ብዛዕባ ለውጢ ብዝተፈላለየ መንገዲ እናምሀርና፣ እቲ ለውጢ ዘድልዮ ስነምግባር አብርእሴና (አብ ባዕልና) እንድህር ዝስተውዕል፣ዝርአይ ኾይኑ፣ ውፅኢት ዘይብሉ፣ፍረ ዘይብሉ ድኻም ንደኽም ኽምዘለና ምርዳእ የድልይ ኢሉ ይአምን። ጭቡጥ ብዝኾኑ መርዳእታ ንምቕራብ ዝአኽል፣ቕድሚ ናይ አሜሪካ ስርዓተ መንግስቲ ምውፅኡ ዘነበረ አረአእያ አሜሪካውያን ኽጠቅስ።

(We Hold these truths to be self - evident that all men are created equal)

(a cruel war against humanity, nature it self violating its most sacred rights of life and liberty)እዘን ኽልተ ጥቅስታት ብናይ አሜሪካን ፕሬዝዳንት) ዊልያም ጃፈርሰን ዝተጠቀሳ እየን።

እታ ቐዳመይቲ እቲ እንአምነሉ ሀቂ ማስረጃ ኹሉ ወዲሰብ ማዕረ ዝተፈጠረ እዩ ይበል።

እታ ኻልአይቲ ዝኽፍኽ ተፈጥሮአዊ ኺናት ናይ ወድሰብ ሒወትን ነፃነትን ዝጠሀስ ይበል።

ዊልያም ጃፈርሰን ኽገልፅዎ እንተለው ተግባሩ ሕማቕ ምኻኑ እናአመነ ብአፉ እናምሰለ ዝዛረብ ይበልዎ።

a hypocrite is comfortable with his lies and fears only beings exposed. እናበሉ ይገልፅዎ

ነይሮም። እፍቲ እዋን እቲ ዊልያም ጃፈርሰን 200 ዝኾኑ ናይ ገዛን ናይ ሕርሻን ባሮት ኔሮሞ። ይኹን ዳአምበር እንኺይዶ ነዞም ባሮት እዚኦም ሰብአዊ ነፃነቶም ኽህቦም ይቕረይ፣ ብህቡዕ ካብተን ባሮቱ ንዝወለዶም ደቑ እኺ ናይ ኦቦነት አፍልጦ አይሀቦምን።

እዚ ምሳሌ እዝይ “American black slave “ኣብ ዝብል መፅሀፍ ዝረኽብክዎ ፅሁፍ እንትኸውን።

ኽብሎ ዝደለይኹ ሀሳብ ግን ወዲ ሰብ ዝጎድእ ተግባርን፣ ስነምግባርን እናፈፅምና ፣ብዛዕባ ወዲ ሰብ ተገደስቲ መሲልና ኽይንርኽብ ብምባል እዩ።

አብ ኽምዝይን ኽንድዝይን ዝበለ ተጋብር ዝተአለኹ ፣ወገናት ኽምዝለው እውን ፈሊጥና፣ ኽንቃለሶም ኽምዘለና ነፂረ ንምቕማጥ ስለዝደለይኹ እዩ።

ካፍት ሀደ ፅገም ማህበረ ሰብና ዝበሀል ነጥቢ እውን ሰለ ዝኾነ እቲ ዘሓለፈ ስርአተ ማሕበር፣ ገዛእቲ መደብ ፊውዳላዊ አተሀሳሰባን፣ አረአእያን፣ ዝንፀባረቀሉ ድሁር ግብሪ ሰላዝኾነም ንምርአይ እዩ።

ኽም መጠን ደቂሰባት ሒወትና ብኽልተ ዐይነት መንገዲ ናይ ምርዳእ ኽእለት አለና።

ቐዳማይ ኽንርእዩን፣ ክንጭብጦን፣ ኽነንቃሳቕሰን ብንኽእል መንገድን።

ኻልአይ ውሽጣዊ መንፈስና ኽሰመኦ፣ ኽንህነሰሉ ይኹን ኽንህዝነሉ ብንኽእል ስምኢትን እዩ።

ብት ናይ እንግሊዝኛ ቐንቋ “physical form & formless”ይብልዎ። ንምሳሌኡ ሀዊ ኽንርእይ እንተለና ነባልባሉን ጓህሩን ኽኸውን እንተሎ ፣ኻቓፅለና እንተሎ ግን ኽሳብ ውሽጢ አካልናን ስምኢት ናይቲ ቓፅሎን ይኸውን።

ካልአይ ምሳሌ። እምበባ ይኸውን።

እምበባ ኽንርእዮ፣ ኽንህዞ፣ ኽንጭብጦ እንተለና ፅቡቕ እንትኸው እንተሎ። ካብቲ እምበባ ንረኽቦ ራዕይን ስምኢትን ጨናን ግን ውሽጣዊ ናይ ሀጎስ ስምኢት እዩ።

ካብ ኹሉ ንላዕሊ እዚ ኽልተ ናይ ወድሰብ ተፈጥሮአዊ ፍልልይ ውሽጣዊ ናይ ወድሰብ ነገራት ናይ ምርዳዕ ፀባይን ትምህርታዊ ፣ቑስቁሳዊነትን ጥልቕ ብዝበለ መንገዲ ንምግላፅ ዝተጠቐምኹሉ ጭብጢ ሃሳብ እዩ።

ሕብረተሰብና ግላዊ አተሀሳሰባናን ተጋብርናን ንኽንቅይር ድማ ውሽጣዊን፣ደጋዊን ናይ ምርዳእ ኽእለትና ኽንቐይርን ኽንገንሕን ተዳሊና ኽንርኽብ አለና ኢለ ይአምን። ቅድሚ ኹሉ ግን ኽም ፍጥረት ደቂ ሰብ ህሊናዊ ለውጢ ኽገብር ተዳሊየ ዶ ? ዝብል ብሕታዊ ሕቶን ፣መልስን ንነብሰይ ኽጥይቕ ይግባዕ።

ምኽንያቱም ኽም መጠን ወዲ ሰብ ዕለታዊ መነባብሮይን ሒወትን ብቑሳቁስ ዝተኸበበ ስለዝኾነ እዩ።

EckHart Tolle"A New - Earth" ኣብ ዝብል መፅሀፉ

Can Humanity defy the gravitational pull of materialism and materiality and rise above identification with a form that keeps the ego in place and condemns them to imprisonment within their own personality ? ዝብል ሕቶ ዘልአለሉ ዋና ምክንያት ነዚ እዩ።

ዝኸበርኹም ኣሓተይን፣ኣሕዋተይን፣ ኣደታተይን፣ኣያታተይን እስኺ ሕዝኽ ሀደ ሀደ መረዳእታታት እናቐረብኹ እቲ ዋና ነጥበይን ትህዝቶን መልእኽቲ ሀሳበይን ኽዝርዝር ይፈቀደለይ።

ብመሰረቱ ማሕበረ ሰብና ብከፊል ፊውዳላዊ ስርኣትን፣ኣምባገነናዊ ወታህደራዊ ስርኣትን፣ተገዚኡ ዝነብር ዝነበረ ህብረተሰብ ኽም ምኚኑ ነቲ ዝነበረናን፣ ዝህለፍናዬን ስርኣተ ማህበራዊ ተፅእኖ፣ብሀደ ግዜ ኽንቅይሮ ኢና ኢልና ዋላኳ እንተዘይ ኣመና፣ንዚጀሚርናዮ ዝንሔና ሀዱሽ ሰርኣተ ማህበር፣ኣብ ሽትኡ ንኽነብፅሀን፣ሕድሪሰውኣት ኣህዋትና፣ኣሀትናን፣ኣያታትናን፣ ኣደታትናን እናዘኽርና፣ብትቐኑእ መስመር መስዋእቲ ኣሻሓት ዕሽላት መናእሰይ ትግራይ፣ ኽቡር መስዋእቲ ሂወት ዝተኽፈሎ ቓልሲ፣ እትዝድለይ ረብሓ ድማ ናይ ኣተሀሳሰባን ኣተገባብራን መሰረታዊ ለውጢ ኽንገብር ይግባእና ኢለ ይኣምን።

ንምሳሊኡ፣ምንፅርፃር፣ ምፅራፍ፣ ምስ ኻልኦት ዘይምሰምማፅን፣ ኣነኾ ኣይኾንኹን፣ ንሱ እዩ፣ ንሳ እያ፣ ብምባል ካብ ተጠያቂነት ንምምላጥ ምፍታን፣ ሀደ ዓብይ ናይ ማህበረሰብና ግልፂ ዝኾነ ፀገም እዩ ኢለ ይኣምን።

ንስኻትኩም ኸ ?ብተፈላለየ ኣይነት መንገዲ ንርኣዬ።

<u>ሕርቓን</u> ብመሰረቱ ሀደ ወድ ሰብ ንምንታይ ይሓርቕ? ትርሓቕ? ንሓርቕ ?

ወዲ ሰብ ዝሓረቐሉ ዋና ምኽንያት ዝበሎ፣ ዝደለዮ ብትንሱ /ንሳ/ ዝኣምንሉ መንገዲ እንድህሪ ዘይተመሊሱ፤ ወይኻአ ዘይተተግቢሩ ጥራህ እዩ። እዚ ድማ ኽም ኣጠያይቓናን፤ ኽም ኣቓራርባናን ካፍቲ ኻብ ኣንደበትና ዝወፅእ ቃላትን፣ ብነርእዮ ተጋብር ኽምዘን ይኽእል።

<u>ንምሳሊኡ</u> ሓንቲ ኣብ ሻሂ ቤት ትሰርህ ተኣዛዚት ምስ ኣዘዝናያ ሻሂ ተቐርበልና፣ኾይኑ ግን እቲ ሻሂ ዝሁል ኾይኑ ንረኽቦ ኣቀራርባና

ሀ/ ሰምኢ ንምንታይ ዝሁል ሻሂ ኣቅሪብክለዩ ?

ለ/ ዛሀፍተይ ዝሑል ሻሂ ዳኣ ኣቕሪብክለይ ?

እዚ ኽልተ ነጥቢ እዝይ መልእኽቱ ብዛዕባ ዝሁል ሻሂ ኽኸውን እንተሎ፣ ኣብ ኣቀራረብኡ ግን ሰብኣውነት ዘለዎን፣ሰብኣውነት ዝጎደሎን ኣዘራርባ ዝኃዘለ እዩ።

ብመሰረቱ ኣብዘን ሓደ ኣይነት መልእኽቲ፣ ግን ኽልተ ዝተፈላለየ ኣገላልፃን ኣቀራርባን ዝርኣይ ዓብይ ነጥቢ።

ሕሊናዊ ( consciousness) ሰምኢታዊ (Ego) ብዝብል ትርጉም ኽነቀምጦ ንኽእል ኢና።

እቲ ግለሰብ ነዛ መሰለፊት ንምንታይ ዝሑል ሻሂ አቕሪብኻለይ እንተይኮነ፣ አቕሪብኻልይ ዝብል እተጠቐመሎም ቃላት ዝህብዎ ትርጉምን፣ዘሕልፍዎ መልእኽትን ሓሳብን፣ስሚዕት እቲ ግለሰብ ስለ ዝገልጽ እዩ ቃል ሕርቓን፣ ትዕቢት፣ ግላውነት፣ ዝገልፅ ቃል ስለዝኾነ ስምኢታዊ እዩ ኢለ ይአምን።

እቲ ኻላአይ ነጥቢ ዛህፍተይ ሕሊናዊ፣ ኽብሪ ዝመልኦ ትህትና ዝተሸኸመ ፍረ ሃሳብ እዩ ኢለ ይአምን። ለውጢ ኽንብል ኸለና ድማ ኻብ ዕለታዊ መነባብሮና፣ ብሕታዊ ሒወትና ይጀምር ዘብለኒ እውን ነዝይ እዩ።

ሕርቃን ፣ቑም ፣ትዕቢት ናይ ሀደ ሕብረተሰብ ጠንቂ ሕማምን ናይ ዕቤት እንቕፋትን እዮም። መሰረቶም ድማ ብግላዊን ሰምኢታዊን፣ ፀባይን፣ ተጋብርን ዝፍጠሩ ስለዝኾኑ። ብቐሊሉ ዝፍትሁ አይኾኑን። አዞም ፀገማት እዚኦም ንምፍታህ ብህታዊ ግለሰባዊ፣ ሕሊናዊ ብዝኾነ አነኸ መን እየ ?

እንታይኸ እገብር አለኹ ?

ንምንታይኸ ኸምዝይ የሕሰበኒ አሎ ? ኢልኻ ነብስኻ በምጥያቕ ዝእለዩ ፀገማት እዮም ኢለ ይአምን።

ጭቡጥ ብዝኾነ መረዳእታ ናይ ሀገርና ናይ ተቃወምቲ ፖለቲኻዊ ድርጅት፣ ተጋብር ምርአይ ፅቡቕ ምሳሌ እዩ ኢለ ይአምን።

ፀፀት፣ ሕነምፍዳይ፣ ቂም ሒዝካ ዝሓለፈ እናምፃእኻ፣ሓዊ  እናባራዕኻ ምንባር ጎዳኢ ሀገር፣ ጎዳኢ ሕብረተሰብ ምኻኑ ምርዳእ የድልይ

Eckhart Tolle, እዝይ ኽገልፅ እንተሎ።

A grievance is strong negative emotion connected to an event in the sometimes distant past that is being kept alive by compulsive thinking by retelling the story in the head or out loud of what someone did to me or what someone did to us

A grievance will also contaminate other areas of your life for example, while you think about and feel your grievance, its negative emotional energy can distort your perception of an event that is happening in the present, or influence the way in which you speak or behave towards someone in the present.

One strong grievance is enough to contaminate large areas of your life and keep you in the grip of ego.

ንማህበረ ሰባዊ ለውጢ ሀቂ ፣ ቕንዕና፣ መተኻእታ ዘይበሉ ስነምግባር እዩ ኢለ ይአምን።

አነ ሀቀኛ፣ ንስኻ ግጉይ፣ ማለት ግን ሀደገኛ ብሕታዊ እምነት ኻብ ምኗኑ ሐሊፉ፣ ሂወት ግለሰባት እቲ ዘድልይ ሕልናዊ ሰላምን፣ ዕብዩትን ግን ኽምፅእ ይኽእል እዩ ዝብል እምነት የብለይን።

ኾይኑ ግን ጌጋኻ እናፈለጥካ ንስኻ /ንስኺ/ንሕና ብሀፈሻ፣ ንሕና ቅኑዓት፣ ንሕና ትኽክል፣ እናበልና ኻልኦት ጌገኛታት እናምሰልና፣ ኽነቕርብ ኽንጀምር እንተለና፣ ብቀጥታ አፍት ግጉይ እምነት ወይኻአ ተግባር፣ ኸምዝንሄና ርጉፅ ካብ ምኺኑ ሓሊፉ ምናልባት፣ኻልአት ዘይሓውስ ምርድዳእን፣ ምኽብባርን ዝጎደሎ አተሀሳሰባ፣ ኸምዝሓዝና ጥርጥር የብሉን።

ሀደ እስራኤላዊ ፀሀፊ Y. Halevi ኽዛረብ እንተሎ፣እቲ አማራፂ ሰላም Possibility of accommodating a competing narrative ማለት ሂብኻ ብምቕባል፣ ተረዲእኻ ብምርዳእ ፣አብ ኽንዲ ምንባር ? አለምና ብፍላይ ሀገራት ብዚ መምርሂ እዝይ ኸምርሃ እናተገበአን። በተቃራኒ መንገዲ ኸልትኡ ወገን፣ እቲ ሀደ፣ ነቲ ሀደ ኽጥፍእን፣ ኽውንጅልን፣ ፀላኢኡ ኸም ሰይጣን ጌሩ ባዕሉ፣ መልአኽ ዝገብረሉ አለም በዊህና ይብል።

ኣብዚ ነጥቢ እዝይ፣ ብፍላይ ድማ ኣብ ሕልናውነትን፣ ሰምኢታውነትን ዘርአይ ምልክታት እንታይ ይመስል?

ስምዒታውነትን ብሀፂሩ አፍት ኽንዲ ዝንሄናሉ ተጨባጢን፣ ነበራዊ ማንነትና ተደሪኽና ምንባር፣ ዘይኾናዬን ኽንኾኖ እንምነዮን፣ ናይ ፈንጠዚያ ሒወት ምንባር ማለት እዩ።

ኽልተ ተቃረንቲ ምሳሌ ኽቕርብ ይፈቀደልይ።

<u>ቐደማይ</u> ሖደ ዘይተማሀረ ውልቀ ሰብ፣ ናይ ትምህርቲ ዕድል ዋላ እንተዘይረኸበ፣ ናይ ትምህርቲ ደረጅኡ ኻፍት ዝንሔሉ ትምህርቲ ሐፍ ናብ ዝበለ ፍልጠትን፣ መነባብሮን፣ ንምብፃሀ ኸም ግላዊ ፃእሩ እዩ።

ይኹን ዳአምበር እቲ ዝግቦኦ ፃእሪ፣ እቲ ዝግቦኦ ድኻም፣ እቲ ዝግቦ ሕልናውን፣ አካላውን ቕድመ ዝግጅት፣ እንተይ ገበረ፣ እንተይ ፃኣረ፣ እንተይ ደኸመ፣ብትምኒት ጥራሀ ኽኾኖን ዝምነዬ ማንነቱን፣ መነባብሩኡን አብ ሕሊኑኡ ብምቕራፆ ናይ ወደፊቱ ሒወቱ ብአእምሮአዊ ትምኒት ዝቖርፆ ሰብ።

<u>ኻልአይ</u> ሖደ ምንም ፈልጠት፣ሀፍቲ፣ገንዘብ ዘይበሉ ሰብ እንድሕር ተማሂሩ፣ ሰሪሁ፣ ፅኢሩ ኻብቲ ዝንሄሎ ትሑት መነባብሮ ወፂኡ አብ ዝለዐለ ደረጃ ኽበፅሀ ኸምዝኽእል፣ ኻብ ምእማኑ ብተወሳኺ እቲ አፍቲ እዋን እዝይ፣ ዝንሄሉ ደረጃ፣ ፍልጠት ኸማሓይሾ ኸምዘለዎ ብትኽክል ተረዲኡ፣ ኻብዛ ሰአት እዚአ ተላዒሉ እቲ ዝድልይን ኽማላዕን ዘለዎ መስፈርቲ ንኸማልዕ /ንኽተማልዕ ሕልናዊ አእምሮአዊ ውሳኔ ዝህልፍ ሰብ።

ንምጥቕላል ኣብዞም ኽልተ ሰባት እዚኦም 3 ዋና ነጥቢ ኽምዝንሄ ኽገልፆ ይደልይ።

1/ Conscious - ሕሊና 2/ Ego - ስምኢት 3/ awearness - ምስትውአል(ስግአት)

መብዛሕትኡ እዋን ሒወት ወድ ሰብ ብስምዒትን፣ ብብሕታዊ ድሌትን ዝሽነፍ ኾይኑ፣ ንዚ ሽንፈት እዝይ ብቐሊሉ አብ ሰባት ይኹን አብ ንንህድህድና ኽምዝንሄ ኽንሰተውዕል ኽንጀምር እንተለና፣ እቲ ብመጀመሪያ ደረጃ ኽንወስዶ ዝግባአና ተጋብር ስጉምቲ ፣ ጥንቃቄ ስለዝኾነ በርቲዕና ኽንደፍአሉ ይግባዕ ይብል።

The deeper “I” the recognition of the false is already the avising of the real

ጥልቐ ኢልና እነ ዝብል ሰምኢታዊ ውሽጥና ኽንርዳእ እንተለና፣ ሰገጥ ብምባል እቲ ሕልናዊ ማንነትና ንርዳእ።

እዚ ፅገም እዝይ ናይ ሕብረተሰብና፣ ናይ ሃገርና ፣ ናይ ሕድ ሕድና፣ ፀገም እዩ ኢለ ይአምን። ንዚ ፀገም እዝይ ናህተይ ፅገም እዩ ኢለ ይአምን ፣ ንዚ ፀገም እዝይ መፍትሒኡ ኻእ እነ እየ ኢለ ይአምን።ለውጢ ዝድልዮ ሕብረተሰበይ እዩ፣ ኻብ ምባል ለውጢ ዘድልየኒ እነ እየ። ኢለ ኽአምን አለኒ።

ለውጢ ዘደልየኒ እነ ሰለዝ ኾንኩ፣ ካብዛ ሰአትን ደቂቃን እዚአ ጀሚረ ንለውጢ ኽዳለው አለኒ፡ለውጢ ኻባይ ብምጅማር፣ ደቐይን ሰድራይን ብዝተኻአለኒ መንገዲ ኽምህርን፣ኻብኦም ኽማሀርን ኽኽእል አለኒ ኢለ ይአምን። ንምሳሌ ኽም ሀደ ኽብይ ነጥቢ ጌረ ንምውሰድ እነ 3 ውላድ አለውኒ። ኽም ወላዲ መጠን ንደቀይ ዘይገብሮ የብለይን እመኽሮም፣ እሕብሕቦም፣ እቲ ኹሉ መሰረታዊ ናይ ዕለታዊ ድሌቶም ንምምላዕ ደኺሙኒ እንተይበልኹ እፅዕር፣ እደኽም እቶት የዕትው።

ኻብኡ ሀሊፉ ድማ ደቀይ ብትምህርቲ፣ ብጥዕና ብሀገራዊ ግዴቶአምን ፣ ሀላፍነቶምን ሀገራዊ ብቐዐት ንኽህልዎም ለይትን ቀትርን ኻብ ምምሀርን ፣ኻብ ምምኻርን ኽዲ ውኢለ አይፈልጥን።

ይኹን እምበር እዚ ነገርን ፍረ ሃሳብን እዝይ ናይ ደቀይ አተሀሳሰባ፣ ድሌት፣ እምነት፣ ብቐዕትን ኽእለትን አብ ግምት ዘእትው ድዩ ?

ወይስ ናህተይ ናይ ወላዲ ድሌት ንምምላዕ ጥራህ፣ ናይ ደቀይ ድሌት አብ ግምት ዘየእተወ፣ ናይ ወላዲ ውሰኔ ?

እነ ኽም ወላዲ መጠን ደቐይ ተማሀሩ፣ አፅንዑ፣ብትትደልይዎ ናይ ትምህርትን፣ናይ ስራህ ድሌትኹምን፣ባህግኹምን ፍልጠትኹምን፣ ኽእለትኹምን አብ ግምት ብምዕታው መፃአይ ሒወትኹም መሚኹም ፍለጡ። ውሳኔኹም አብሽትኡ ንኽተብፅሁ ኻእ አብ ጎንኹም እየ፡ እዝይ ኽይነት ምኽርን ድጋፍን ብኽልቲኡ ወገን ተቐባልነት ዘለዎ እንትኸውን።

ብት ኻሊዕ ወገን ድማ ሰምዑ ዞም ደቀይ ንስኺ ዶክተር፣ ንስኻ ኢንጅነር፣ ንስኺ ድማ ናይ ሕጊ ጠበቃ ንኽትኾኑ ንሕና አቦኹምን፣ አዴኹምን ለይትን ቀትርን ክንሰርህ ኢና።ብምባል ናይ ውላድና (ደቕና) ድሌትን፣ ኽእለትን፣ ናይ ትምህርቲ ዝንባሌ ኽይፈለጥና፣ ብትናህና ናይ ወለዲ ውሽጣዊ ድሌት ተደፊእና፣ ደቕና ብዝደልይዎ ናይ ውሽጦም እምነትን፣ ሕልናዊ ናይ ብቕአት ውሳኔ ፣ እንተይኾነስ ሕብረተሰብና፣ ኹብለናን፣ ኽርኤልናን ብንምነዮ አይነት ስምኢታዊ ውሳኔ እንድህር ደቕና ናብ ዘይአምንሉ ናይ ሒወት መንገዲ ንደፍኦም ኾይና፣ መጨረሽትኡ ፍረ አልባ ይኸውን። እስኪ ምልስ ኢልና ንዚ ሀሳብ እዝይ አሰተውኢልና ኽንርእዮ ንፈትን።

ብወገነይ ሽግርና እዝይን ኽምዘይን ንዝበሉ ኽንርእዮምን ኽንስተውእለሉን እንተለና ቐሊል ዝመሰሉ ኾይኑ ግን መሰረታዊ ናይ ህብረተሰብና ፀገማት ግን አብ ነናይ ሕድ ሕድና ዕለታዊ ናብራ ዝተደረኹ፣ ብቐሊሉ ኽንአልዮም እናኻአልና ትኹረት ሰአን ምሀብ፣ግን ናይ ዕቤትና እንቐፋት ዝኾኑ፣

መሰረታዊ ለውጢ ዘድልዮም ተጋብራትና እዮም ኢለ ይአምን።

ኸመይ ጌርና ኸ ደቕናን ሕብረተሰብናን ኻብዝይ አተሀሳሰባ እዝይ ኸነውፆኦም ንኽእል ?

ኽልተ አይነት መንገዲ አለዎ::

ሀ/ ብዝርአይ፣ ዝዝርዝር፣ ዝግለፅ፣ ዝጭብጥ ትህዝቶን አቀራርባን form based attention

ለ/ ውሽጣዊ ብዝኾኑ ሕልናዊ ፍቕሪ እቲ ውላድና(ደቕና) ንዕኡ/ንዐአ ብዝምጥን ብዝምችው አገላልፃን እቲ ንሱ/ንሳ ዝደልይዎን ዝአምንሉን ሀሳብ ብምድጋፍ፣ ብምርዳእ እቶም ደቕና ነፍሶምን ባዕሎምን ኽይኖም ንኽቐርቡ ምግባር። እዩ። formless - attention

ንሕና ፍጥረት ደቅ ሰብ ኢና። ወዲ ሰብ ማለት እንታይ ማለት እዩ ? ዝብል ሕቶ ጠንቂቅና ኽንርዳእ ይግባዕ።ምሽጥር ናይ ሒወት፣ ህፍቲ፣ ስልጣን፣ ድኽነት፣ ውድቀት፣ ዕቤት አይኾነን። ምሽጥር ሒወት አብ መንጎ ሰብን፣ ሰብ ምኻንን እዩ። አቦ፣ አደ፣ ሀው፣ ህፍቲ፣ ሰብአይ፣ ሰበይቲ ወ.ዘ.ተ.

አረጊት፣ ህፃን፣ ገዚፍ፣ ንኢሽተይ ወ.ዘ.ተ እቲ ንገብሮ ዕለታዊ ምንቕስቃስ ናይ ሒወት ተጋብር እዩ። ወዲ ሰብ ተወሊዱ ኽሳብ ዝመውት ዝፍፅሞን፣ ዝገብሮን፣ ተጋብር እዩ። እዚ ድማ ነባራይ ኽስተት እዩ። ኽኽበር ኻአ አለዎ።

ይኹን ዳአምበር እዚ ኽስተታትን፣ ጉዕዞን እዝይ ወድ ሰብ ብምኟን፣ ኽንዛዝሞ እንድህር ዘይኺኢልና ዋጋ የብሉን።ፍቕሪ ወድሰብ እቲ አብ ኸባቢኻ ዘሎ፣ ዝንሔ፣ ዝነብር ኻብ ውላድኻ ጀሚሩ ባዕልቲ ቤትኻ፣ ስድራኻን፣ ኸባቢኻን ሕብረተሰብካን ማዕረ ጌርኻ ወዲ ሰብ ብምኟኑ ጥራህ፣ ሕልናዊ፣ ውሽጣዊ ፍቕሪ ማዕረ ኽትልግስ እንተለኻ ጥራህ እዩ ። “ወዲ ሰብ ምኟንኻ ዝረጋገፅ”

To love is to recognize yourself in another

The other`s “otherness” then stands revealed as the purely human realm, the realm of Being !

ወለድና ኸምስሉ እንተለው ( አባኻ ኽበፅሀ ዘይትደልዮ፣ አብ ኻልኦት አይትፈፅም) ይብሉ።

እቲ ንህና ንምነዮ፣ ንሀሰቦ ፍቕርን፣ ሰላም፣ ዕቤትን፣ መነባብሮን አብ ኻልኦት ወገናትና ንምርዐይ እንድህር ተመኒናን፣ ሓሲብናን ፤ ፍጥረት ወዲ ሰብነትና ሕያው እዩ።ሎሚ ሰላም ምምናይ፣ ሎሚ ንሰላም ምፅአር፣ ሎሚ ንፍቕርን ንረብሀ ሕብረተሰብ ምህሳብ፣ ባዕሉ አብይ ሰላም እዩ።

ኸሉ ፅባሕ ነርኽበሉ፣ ሎሚ ጥራህ ንዐይ ይመቺወኒ፣ፅባሀ የርኽበሉ እዩ፣ መጀመሪያ ህፍቲ ኽህዝ፣አበይ ኽይፈልጡኒ፣ መን ከይርአየኒ፣ ኢልኻ ስስዐ ማቲርያላዊ ናይ(ቁሳቁስ) ድሌት ጥራህ ምምናይ፣ ናይ ሕልናዊ ሒወት ፍረ፣ እንተይኮነ ስምኢታዊ ትምኒታዊ ሒወት ፍረ እዩ ።

መብዛሕትኡ ወዲ ሰብ ካብ ሰምኢታውን፣ ትምኒታውን አተሓሳሰባ ኽወፅእ እንተሎ፣ ብዙሓት

ዕቡቓት ተጋብር ይፍፅም። ነዝይ ድማ እዩ ኣብዝ ሕዚ እዎን፣ ኣብ ሀገርና ዝልኽለ ሀገራዊ ለውጥን ዕቤትን ንርእይ ዘለና። ብዙሀ ግዜ ፅቡቕ ስነ ምግባር ዝገብሩ ሰባት ተግባሮምን ዘውፍይዎ ዘለው ሕብረተሰብአዊ ግልጋሎትን ኣይስተውእልሉን ምኽንያቱም ሀገራዊ ማሕበረሰባዊ ግዴቶኦምን ሃላፊነቶምን ምዃኑ ጠንቂቆም ሰለዝርዲኡ ጥራሀ እዩ። ስርሆምን፣ ኽላማኦምን፣ ተጋብሮምን፣ ትምኒቶምን ሀደ እዩ ንሱ ድማ ረብሀ ኻልኦት እዩ።

ተመሳሰልቲ ብስርሆምን ብሀላፍነቶምን ሀገራዊ ሀላፍነት ዘለዎም ሰባት እውን ኣለው፣ ይኹን ዳኣምበር እዞም ሰባት እዚኦቶም ካብዞም ላዕለዎት ሰባት ፍልይ ዘብሎም ስርሆምን፣ ሀላፍነቶምን እንትፍጽሙ እንተለው፣ካፍቲ ሕልናዊ ኣተሀሳሰቦኦም ወፃእ፣ብሰምኢታውን ግላዊ ረሓብዊ ጠቅማጥቕምን፣ ንብረትን፣ ትምኒትን ድሌቶም ስለዝሺፈን ዝኮነ ይኩን፣ ዝገብርዎ ተጋብርን፣ ዘፍርይዎ ፍረን፣ እኹል ኾይኑ ኣይርኣዮምን። ድሌቶም ዝልኽእዎ ብትረብሀ ማሕበረሰብ እንተይኾነስ፤ ብት ኣብ ኢዶም ዝርኸብ ትህዝቶ ሀፍቲን፣ጥረ ገንዘብን፣ ስልጣን፣ብልጭልጭ ዝብል ጋዕገልጠም ይልኽእዎ።

ነዝይ እውን እዩ ኣብ ማህበረሰብና ብሰፊሁ ወገናውነት፣ ጉቦኝነት፣ ምጉዳል ፍትህን፣ ስርኸትን፣ ሌብነትን፣ዓመጽን ዝርአይ። ግለሰባት ብውልቆም ብዝወሰድዎ ፍርድን፣ ብዝወሰድዎ ስጉምትን ሕብረተሰብ ኽጥቀምን ፣ ክጉዳእን ይኽእል።ነን- ሕድ ሕድና ብንወስዶን፣ ብንርዕዮን ለውጢ፣ናይ ማሕበረሰብናን፤ ናይ ሀገርናን ለውጢ ብፅቡቕን ቕኑዕን መንገዲ፣ ኽንህግዝን እጃምና ኽነውፍይ ሀገራዊ ግድነት ኣለና ኢለ ይኣምን።

ሒዝናዮ ንኻይድ ፣እንተይኾነስ ገዲፍናዮ ንኽይድ ፍረ ስራህና ተፊጢርና ምንባርናን፣ ዘይምንባርናን ዘዘንትው ሀድጊ እዩ።ምኽንያቱም ተፈጢሩ ዝሞተ ኹሉ ኣይዝኸርን፣ ተፈጢሩ ታሪክን ሀድግን ገዲፉ ዝሞተ ግን ዘልኣለማዊ ታሪኹ እናተዘረበ እናተፀወአ ይነብር ማለት እዩ።

ንግስተ ሳባ፤ ንጉስ ሮምሃይ፤ ካሌብ፤ ላሊበላ፤ ቴድሮስ፤ ዮውሃንስ ኣይበፃሕናሎምን፣ ኣይነበርናን፣ታሩኾም ግን ንደቆም ሀድጊ ኾይኑ ናባና በፂሑ እንሔ።

<u>እምነት፤</u>

እምነት ካብ ግለሰብ ይጀምር፣ዕምነት ሀደ ሰብ ፣ ሕብረተሰብ ኽጠቕምን ኽጎድእን ይኽዕል።

ንምሳሊኡ ሒትለር፤ ጃሴፍ ስታሊን ቪቶ መሰለኒ፣ ኢዲ ኣሚን ዳዳ ፣መንግስቱ ኃ/ማርያም። እዞም ግለሰባት እዚኦቶም ብዓለም ደረጃ ዝፍለጡ፣እኩይ ተግባር ሕብረተሰብ ዝጎድአ፤ ህብረተሰብ ንሽግርን፣ መከራን፣ ግፍእን፣ ዝዳረጉ እዩም።

ብተቃራኒ ድማ ኢብርሃም ሊንከን፤ ማህተመ ጋንዲ ፣ማርቲን ሉተር ኪንግ፤ ኔልሰን ማንዴላ፤ ማዘር ተሪስ፤ መለስ ዜናዊ። እዞም ሰባት እዚኦም ድማ ብእንተ ሕዝቢ ኽብሉ ዝሞቱ ዝተኣሰሩ፤ ዝተሸገሩን ንህዝቢ እናገልጋሉ ብእንተ ህዝቢ ዝምቱን እዩም። እዞም ኽልተ ግሩፕ (ወገን) እዚኦም ዝኣመንሉ ኽላማ ኽሳብ መጨረሻ ተቃሊሶም እዩም።

ፍልልዩ ግን እቲ ሀደ ግሩፕ “selflessly” ንህዝቦም ዝሞቱ ።

እቲ ኻልዐይ ግሩፕ ድማ “selfishly” ህዝቢ ዝጨፍጨፉ እዩም።

እቲ ቐዳማይ ግሩፕ “ኮንሸስሊይ” ንህዝቢ ዝብል እምነት ዝሓዘ እቲ ኻልአይ ግሩፕ “ኢጎስቲክሊይ” ንግላዊ ብህታዊ ድሌትን ስልጣንን እምነት ዘገበረ እዩ።

ዝኾነ ይኹን እንውሰኖን፤ ንገብሮን ተጋብር ዝልኻዕ፣ ንማሕበረሰብ ብዝህቦ ውፅኢት ዕቤት፣ ወይኻአ ብዘስዕቦ ውድቀትን ኺሳራ ይልኻአ።

## ‹‹ መጠቓለሊ ››

ታሪኽና ነዊህ እዩ ቕድሚ /ሚልዮንን ፈርቓን ፍጥረት ወዲ ሰብ(ሉሲ ትባሃል) ዝተረኸበላ ሀገር ሒዝና፣ ካብን ብዓል ንግስቲ ሳብ ፣ንጉስ ምንሊክ ቐዳማይ ፣ኽሳብ ኽቡር መራሒና ጠቕላይ ምኒስተር መለስ ዜናዊ ዝፅብብፅብ ታሪኽ ሒዝና።

ካብን ፀሓፍቲ ታሪኽ ሄሪዱተስ እቲ ታሪኽ “the history” ዝብል ታሪኽና ፣ክሳብ እዝ ዝንሄናሉ ግዜ እቶም ኢትዮጵያውያን “the Ethiopians”ብዝብል ታሪኽና እንባዕል ሪቻርድ ፓንክረስት፣ ዝንገረሉ ታሪኽና ኽንኾርእ ጌሩና እዩ ዕቡቕ። ይኹን ደአምበር ፣ እዚ ታሪኽ እዝይ ናይ ወለድና ፤ ናይ ጅጋኑ እህዋትናን ፣ እህትናን አዶታትናን ፣ አያታትናን እዩ።

ንሕና ክ ?

ሓድግና እንታይ ይመሰል ?

ሀገርና ትግራይ፣ ሀገርና ኢትዮጵያ ፣ካበና እንታይ ትፅበይ ?

አነክ ግደይ እንታይ እዩ? ኢልና ብምትያቕ እጃምና ኽነውፍይ ይግባዕ ኢለ ይአምን። ኽቡር መራሒና ጠቕላይ ምኒስተር መለስ ዜናዊ አብ ሀዲ እዎን ኽምዝይ ኢሎም ነይሮም።

“ወያእተኛታት ፅዓዱ አይትኽእሉን ስለዝበሉና ጥራህ እንተይኾነስ፤ ንሕና ባዕልና አይንኽእልን” ኢልና ስለዝአመና ጥራህ እዩ ብድኽነት ንፍለጥ ዘለና። እዚ ሕዚ አብ ናይ ዓለም ዲክሽነሪ ዝፍለጥ ሰምና ፣ ብዝ ጀሚርናዩ ዝንሄና ናይ ተራንስፎርሜሽን እቅድ ተግቢሪና ፣ ፕሮጀክታትና ባዕልና ሓንፂጽና፤ ባዕልና ፈፂምና ክንውድኦ እንተለና ፣ እቲ ናይ ዓለም ዲክሽነሪ እወ ይኽእሉ እዩም ።

ናብ ዝብል ኽምዝልውጥ ምንም ጥርጥር የብለይን ኢሎም ዝተዛረብዎ ንዘኽር።

ሕዝቢ ትግራይ “ብህዊ ተፈቲኑ ዝወፅ ወርቂ ሕዝቢ እዩ “ እም ኻዓ፣ አነ ካብዝ ሕዝቢ እዝይ ብምፍጣራይ ብጣዕሚ ይኾርዕ

ጠ/ም መለስ ዜናዊ ኢሎም ነይሮሞ ።

አነም ኸም ውልቐ ሰብ፣ ኸም(ሓደ ትግራዋይ)ክንርድኦን ክንሰርሓሉን አለና ኢለ ዝአምነሉ ቐንዲ ዕማም፣ፊለማ ብቕንዕና ሕሊናና ብምጥያቕ ውሽጣዊ መንነትናን፣ባህሪያትናን ንፍለጥ፣ድኽመትናን ጥንኩር ጎንናን ንረዳእ።

ቐፂልና ዋላኺ ሽዑንሽዑ ድኽመታትና እንተዘይቐየርናዮም፣አፍልጦ ብምሃብ፡ንኽንእርሞም ጻዕሪ ብምግባር ኽነስተኻኽሎም ንፈትን።

ኻብኡ ነብስና እናገናሕና ለውጢ ኽንርእይ ምስጀመርና፣አብ ኸባቢና ዝርኸቡ ስድራናን ማሓዙትናን፣ እናምሃርናን እናቐየርናን ለውጢ ማሕበረሰብና ጋህዲ ንምግባር እጃምና ክነውፍይ ንኽእል ኢለ ይአምን።

ኩሉ ጊዜ ሓሳብናን እምነትናን ብዓይኒ ረብሓ ሕዝቢ ትግራይ ምስእንቓንዮ፣ ኸስብና "ለውጢ ትግራይ" እዩ ዝኸውን፣አብ እንሰርሖ ስራሕ ዕንቅፋታትን፣ ማሕለኻታት ኽገጥመና እንተሎ፣ኻብ ብረብሓ ዉልቀ ሰብ፣ብረብሓ ትግራይ እንድሕር ንሪኦን፣ንቓንዮን ምስ ካልኦት እንጓነጸሉ ዕድል ጸቢብ እዩ።

ሓሳብና ንኻልኦት እንትነሕልፍ ኻብ ስምዒት ወጻእ ኮይና፣እንርእዮም ጸገማት ብጭቡጥን ብረብሓ ትግራይና ምስንርእዮም፣ኩሉ ናብ ረብሓና ኽንቅይሮን ብርግአትን ንምዘኖም፣ጌጋታት ምስእንርእይን ፣አብ ጎንጺ አፈታትሓን እንወስዶም ስጉምቲታት ኻፍቶም መኻትዕትና ዝሓሸ ሓሳብን መርተኦን ሒዝና ፣ተናሓናሕትና ወይካዓ ብሓሳብ ዝፍለዩና ወልቐ ሰባት ይኹኑ፣ማሕበረሰባት ብዓርሰ እምነትን፣ብመርትኦን አእሚና አብ ጎንናን፣ናይ ሓሳብናን ደገፍቲን፣ናይ ዓላማና ተጠቀምቲ ክምዝኾኑ ብምእማን ቅንዕናና ብሓሳብ ላዕለዋይነት ክነእምን ነርእይ። እዙይ ምስ እንገብር ብሓሳብናን፣ብስነምግባርናን ስነልቦናዊ ላዕላዋይነት ትግራዋይ ስለ ነርእየሉ እትንደልዮ ማሕበረሰባዊ ለውጢ ብትንደልዮ መልኽዕ ክንሃንጾ ንኽእል ኢና ኢለ ይአምን። ንኻልአይ እዋን ዝቐረበት ጽሑፍቲ (04/15/2022)

ኽብሪ ንሰውአት ጀጋኑ ናይ ትማሊን ናይ ሎሚን ስውአትና ይኹን፣

የቐንየለ ሙሊጌታ በሪሁን ካብ ካናዳ (mba1277@gmail.com)

ትግራይ ትስዕር ።